ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

16 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም.ግ.
25 ያሕሳስ 2021 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2013-295

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ሐበሬታ ብዛዕባ ምስ ሕማም ኮሮና ዝተተሓሓዘ ምዕባለታት ኣብ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም፡

ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

ብርሃነ ልደቱ፡ ብርሃነ ጥምቀቱ ብሰላም የብጻሓና እንዳ በልና፡ መንፈሳዊ ሰላምታና ነቕድመልኩም። ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን፡ ኣብ ሥራሕኩም ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰን ዓወትን ንምነየልኩም።

ካብ'ዚ ብምቕጻል ከኣ እዚ ዝስዕብ ሕጽር ዝበለ፡ ኣገዳሲ ሓበሬታ/መልእኽቲ/ ከነመሓላልፈልኩም ንፈቱ፥

1- ካብ ዋናታት ቤተክርስትያን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ከም ዝገልጾ፡ ነዚ ዘሎ ምዕባላታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዝሒ ተሳለምቲ (ተሳተፍቲ) ኣብ ቤተክርስትያንና፡ ካብ ሚእቲ (100) ናብ ሓምሳ (50) ወሪዱ ኣሎ።
እዚ ክበሃል እንከሎ፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ክንክተሎ ዝጸናሕና ናይ ኣገልግሎት መምርሒ ከነኽብሮን፡ ምስ ህልዊ ኩነታትን፡ ኣብ ጥዕናና ምሕላው ክንፍጽሞ ዝግባኣና ሓላፍነታዊ ተግባራት ክንክተልን ከም ዘሎና፡ ዝተተሓሓዘ ከም ዝኾነ፡ ከነዘኻኽር ኣሎና። ሓደስቲ ምዕባለታት ምስ ዝርከቡ፡ ከም'ቲ ልሙድ ክንሕብረኩም ኢና።
2- ኩሉ-ሓደ ኣብ ቤተክርስትያን ክሳተፍ ዝደሊ ኣቐዲሙ ተሌፎን ደዊሉ ክምዝገብ ከም ዘለዎ ነዘኻኽር። ክይተመዝገበ ናብ ቤተክርስትያን ዝመጽእ ክኣቱ ከም ዘይክእል ኣጥቢቕና ነተሓሳስብ። ንምዝገባ ተሌፎን ቊጽሪ 06-41689789 ከምኡ ከኣ 06-48706977 ክትድውሉ ትኽእሉ።
3- ልደተ ክርስቶስ ብሰንኪ ሕማም ኮሮና ዝወጸ ሕጊ ለይቲ ክበዓል ኣይከኣልን ኢዩ። ቀዳሴ ዓርቢ ዕለት 29 ታሕሳስ 2014 ግዕዝ (7 ጥሪ 2022) ካብ ሰዓት 7:00 ንጉሆ ክሳብ ሰዓት 13:00 ከም ዝካየድ ክንሕብረኩም ንደሊ።
4- ንጽባሒቱ፡ ቀዳም ዕለት 8 ጥሪ 2022 እውን፡ ቅዳሴ ካብ ሰዓት 7:00 ንጉሆ ክሳብ 13:00 ተሰሪዑ ኣሎ።
5- መሸፈኒ ኣፍ ምጥቃም፣ 1.5 ሚትሮ ርሕቀት ምሕላው፣ ኢድካ ምሕጻብን ብኣልኮሆል ምሽባህን፣ ዝሓመመን ረስኒ ዘለዎን ኣብ ገዛ ይተርፍ፡ ዝብሉ መሠረታዊ ዝኾኑ፡ ግድነት ክፍጸሙ ዘለዎም መንግሥታዊ መምርሒታት ነኽብር።

## መተሓሳሰቢ፣

1- ነፍሲ-ወከፍ ኣብ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ክሳተፍ/ክሳለም ዝመጽእ ምእመን፡ ዋናታት ቤተክርስትያን ኣብ ዝግልገሉሉ ሰዓታት፡ ተኸፊቱ ስለ ዘረኣዮ፡ ናብ ውሽጢ ክኣቱን፣ ኣትዩ'ውን ብእኡ ኣቢሉ ክሓልፍን ኣይግባእን።
2- ነፍሲ-ወከፍ ዝተመዝገበ ሰብ፡ ኣገልግሎት ቤተክርስትያንና ዝጅምረሉ ሰዓታት ብምኽታል፡ ናብ ቤተክርስትያን ይመጽእ።
3- እቶም ሕጻን እተጠምቑ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ክትርከቡ ዘለኩም ሰዓትን ጊዜን፡ ኣኽቢርኩም ክትመጹ፡ ነተሓሳስብ።
4- ብኣገላልጻ ተባዕታዊ ጾታ ተጻሒፉ ዘሎ ኩሉ፡ ንክልቲኡ ጾታታት ዘገልግል ምዃኑ ከነገንዝብ ንደሊ።

ንምትሕብባርኩም ነመሰግን።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን።